ኤርትራ/ERITREA

ህዝባዊ መኸተ - ንሰላም ላኡላውነት፡ ልምዓት

Hizbawi Mekete – für FRIEDEN : SOUVERÄNITÄT und Entwicklung

# ህዝባዊ ሰሚናር መኸተ 2ይ ክፉል ደቡባዊ ጀርመን ኣብ ከተማ ንሩንበርግ፡ብዓወት ተዛዚሙ

ብዕለት 15.11.2014 ኣብ ትሕቲ "መኸተ ድርዕና ስራሕ ክብርና " ዝብል ቴማ ፡ ኣብ ከተማ ንሩንበርግ ጀርመን ብዓወት ተዛዚሙ ፡




ናይ ሰለስተ ከተማታትን ከባቢኡን ማለት ፡ ንሩንበርግ ; ሙንሸን (ሙኒክ) ; ኡሉም ፡ ሽ/መኸተ ብምውህሃድ ምስ ምትሕብባር ፈ/ሽ/መኸተ ጀርመን ዞባ ደቡብ ፡ ዝተወደበ ብርክት ዝብሉ ሃገራውያን ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝተጋብእዎ ዕዉት መኸተ ተኻይዱ ፡



ኣላዪ መደብ ኣቶ ተስፎም ተኸለ ፡ ብዝከረሰማእታት ነቲ ሰሚናር ምስከፈቶ ፡ ኣቶ ኣሚነ ገ/ማርያም ኣ/መ ማ/ኮ ንሩንበርግን ከባቢኡን ፡ ንተሳተፍቲ ሰሚናር ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቱ ብምስማዕ ፡ ሰሚናር ብዓወት ንኽዛዘም ሰናይ ትምኒቱ ገሊጹ:



ሓላፊ ህ/ኮ/ጉ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ፡ ንተሳተፍቲ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ብኹሉ መዳዩ በጺሕዎ ዘሎ መድረኽ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣብ ዝሃበሉ ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንኹሉ ባህርያውን ግዳማውን ተጻብኦታት በዲሁ ፡ ነቲ ብዓለኛ ኣብ ሃገርን ህዝብን ዝተሰገደደ ኢፍትሕኣዊ እገዳን ማዕረማዕሪኡ ዝኸይድ ስነኣእመሮኣዊ ኲናትን ኣማህሚኑ ፡ ኣብ ዲፕሎማሲ ፡ ትምህርቲ ፡ ጥዕና ፡ ትሕተቕርጺ ፡ ሕርሻን ሓጸብታትን ካልእን ኣመዝጊቡዎ ዘሎ ዓወታት ከም ጸሓይይ ቀትሪ ዝደመቐ መስከሩለይ ዘየድልዮ ኮይኑ ፡ ውጽኢት ናይ ጽንዓት ህዝብናን



*ዘይተጻዓድነት መንግስትናን ምኳኑ እቲ ሽቶታት ሚለንዩም ዝብልዎ'ውን : ኣብ ዓለምና ሒደት መወዳድርቲ ዘለዎ ብነብሰምኽኣል ዝብል ኣምር ቃልሲ ምዕዋቱ : ኣብነት ንኽእልኦት ኣብ ምምዕባል ዝርከቡ ኣህዛብ ምኳኑ ሰፊሕ መብርሂ ደሕሪ ምሃቡ : ሓንቲ ብኹሉ መዐቀኒታታ ምዕብልቲ ሃገር ክትህልወና መኸተ ናይ ህዝቢ ቀጻልነት ክህልዎ ይግባእ : መኽንያቱ ጸኒዕና ስለዝመከትና ህላዌና ኣረጋጊጽና : ሎሚ'ውን ከምትማሊ መኸተና ክንቅጽሎ እንኮ ዝህልወና ምርጫ'ዩ ክብሉ መደረኡ ዛዘመ :*

*ቀጺሉ ኣ/መ ፈ/ሽ/መኸተ ጀርመን ኣቶ መድሃኔ ተስፋኣለም ኣብ ዝሃቦ መልእኽቲ : ኣብ ዓመተ 2014 ሰሚናር ህዝባዊ መኸተ ኣብ ኩሉ ክፋላት ጀርመን ኣብ ትሕቲ " መኸተና ንምኹላዕ መንነትና " ዕዉት ሰሚናራት ዘተኻየደ ሎሚ'ውን ኣብ ከተማ ንሩንበርግ በደረጃ 2 ይ ክፋል ደቡባዊ ጀርመን ኣብ ትሕቲ "<u>መኸተ ድርዕና ስራሕ ክብርና "</u> ዝብል ዛዕባ ምክያዱ መግለጺ ኣብ ሃገርና ዘሎና ፍቕሪን ሕላገት ሓድነትናን ኮይኑ : ውሁብ ኩነት ዓለምና ምስ እንግንዘብ : ዝተፈላለዩ ግርጭታት ፈጢርካን*




*ኣራቢሕካን : ንረብሓኻ ዝውክሉ ዝፍጸሙ ዘለዉ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ደቂሰባት ብሰብ ፍሉይ ረብሓ ተገንዚብና : ብፍላይ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ንመኽንያት እገዳ ዘረጋግጹ ዝኾነ ጭብጥታት ኣይረኸብናን እናበሉ : ኣስመራ ምእታው ስለ ዝኸላእኩምና : ነቲ እገዳ ንዓመት ኣናዊሕናዮ ኣለና ምባሎም : " እናርኣየኒ ዝሰረቐንስ ክመልሰለይ ነይኣመኖ " ስለዝኾነ ነዚ እኪይ ውዲታቶም : ሎሚ'ውን ከምወትሩ ንጽንዓትና ድርዒ ሓድነት ኣህጢርና ንዓማጺ እገድኦም ቀቢርና : መኸተ ኣብ ምኹላዕ መንነትና : ኣብ ምድልዳል ሓድነትና : ኣብ ምውራስ ንቑሕ ወለዶ መንእሰያት : ኣብ ህንጻት ሃገር እጃምና ምብርካት'ዩ : መኽንያቱ መኸተ ናይ ነፍሲወከፍ ግዴታ ስለዝኾነ : ክብል መልእኽቱ ኣመሓላለፈ :*

*ቀጺላ መንእሰይ ሰምሃር ተኽስተ ገብረኣብ ኣ/መ ናይ መበለ 11 ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ 2015 ኣብ ጀርመን : ተራ ናይ መንእሰያት ኣብ መኸተ ኣመልኪታ ንተሳተፍቲ ሰሚናር ብዘዕግብ መብርሂ ድሕሪ ምሃባ : ቀጺላ መንእሰይ ሰምሃር : ህ.ግ. ከምቲ ጸላእቱ ከነኣእስዎ ሰልፊዶ ካልእ ዘጠምቖዎ ዘይኮነ : ብመስዋእትን ሓያል ቃልሲ ናይ ህዝብን ዝሰወደ ንህዝብን ሃገርን ዝሰዋእ ግምባር እዩ : ቀጻልነቱ ከረጋገጽ ንቑሕ ወለዶ ንምኹስኳስ : ንዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ብ 60-70 ዝኣኽሉ መንእሰያት ብ 2005 ዓ.ም ኣብ ከተማ ቢልፈልድ ጀርመን ዝጀመረ : እንሆ ሎሚ ልዕል 800 ዝኣኽሉ መንእሰያት : ካብ ኣውሮጳ ሰሜን ኣሜሪካ ማእከላይ ምብራቕን ኣፍሪቃን ዝጋብእሉ ዕዉት መኣዲ ሃገርውነት ምኳኑ : ናይቲ ዋዕላ ድሕረባይታ ብስእላዊ መግልጺ ዝተሰነየ መብርሂ ድሕሪ ምሃባ : እዚ ዓወት ዝተረጋገጸ ብሳላ ምዕቡልን ሓላፍነታዊ መርሓ መንግስትናን መራሕትናን ብዓቢኡ ከኣ ብተሳታፍነት ናይ ወለዲ ምኳኑ : ንዝያዳ ጥርናፈን ውርሻን ሓያል ጻዕሪ ናይ ወለዲ የድልየና*



*ኣሎ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ን 3 ይ ግዜኡ ኣብ ጀርመን ምምዳቡ ዝያዳ ክብሪ እናተሰመዓና ዕዉት ኮይኑ ንኽውጽእ ናይ ኩላትና ሓላፍነት ኣዩ ክትብል ተማሕጺና :*



*እቲ ተሳታፊ ብሃረርታ ዝጽበዮ ዝነበረ ኣስተምህሮታት 1ይ ብዶ/ር ኣማኒኤል ትኩእ*

***<u>“ኣተኩሮን ሽርሒታትን ተጻባእቲ ኣብ ልዕሊ ኣብ ወጻኢ እንነብር ኤርትራውያንን ማሕበራዊ ትካላት ኤርትራውያንን“</u>***

*ዝብል ኮይኑ : ጸላእትና ንሓድነትና በታቲኾም ነቲ ብቃልስን መስዋእትን ዝወረቕናዮ መንነትና ንምሕካኽ : ነቲ ቅዱስ ባህልና ወግዕናን ንምብሕዃግ : በቲ ኣሎ ዝብልዎ ገንዘብን ክኢላታትን ኣዋፊሮም ካብ ዝጻብኡና ኣይወሓደን : ክሳብ ኣብ ማሕበራትናን : ነንሓድሕድና ንኸይንተኣማመን : ከም ሳይበር ብውሽጢ ውሽጢ ዝልሑኽ ካብ ስነምግባር ወጻኢ ብዝኾነ ብሓሶት ዝተፈብረኸ ሓሶትን ካልእን ብምግዋሕ ስነኣእምሮኣዊ ኲናት ይነዝሑልና ምህላዎምን: ኣብቲ ካልእ ዓውደ-ቃልሲ ስለዘይትዓወቱ በዝን ወዲኸምዝን ይሓይሽ'ዶኾን ተባሂሉ ዶላራት ዝፈሶ ዘሎ : ከየቃለልና ብዕቱም ክንከታተሎን ክንቃለሶን ከምዘሎና ግዴታና ኮይኑ : እቲ ካብ ባህልና ዝረሓቑን ንታሪኽናን ያታናን ዘየንጸባርቑን ንዓና ዘይውክሉን : መሳርሒ ገበትን ዓመጽትን ዝኾኑ እምነታትን : ተባህለ ናይ ወረ ዕዳግን : ዝያዳ ክንቅሓሎም ኣሎና : ሃገራዊ ጉዕዞ : ብጥምረትን ሓድነትን : ብስራሕን ተወፋይነትን ሰለዝረጋገጽ : እቲ ናይ ትማሊ ጅግንነት ህዝብና ከነተግብሮ : ሎሚ'ውን ክውንነት ዓለምና ይሓተና ከምዘሎን ካልእ ኣማራጺታት'ውን ከምዘይብልና ክብል ብመወከሲታት ዝተሰነየ ኣስተምህሮ ኣቕሪቡ : ተሳታፍቲ ምልክት ዕግበቶም ብጨብጨባ ኣሰንዮሞ :*



*ቀጺሉ ዝቐረበ 2ይ ኣስተምህሮ ብኣቶ ግርማይ ስዩም <u>" ስነ/ኣእምራዊ ጸቕጥን ብደሆታትን ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ኤርትራዊ መንነትናን “</u> ብፍላይ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ማሕበረሰብ ዓለምና ንሃገርና ኤርትራ ብዙሕ ግዜ ክጽውዑዋ ንሰምዕ ኣለና : ብሂወት ሃሊና ስለ ንሰርሕ ሰልዘሎና ከሐብነና ይግባእ : እምበር እንተንምብርከኽ ነይርና ከምተን ካልኦት ዝተምበርከኻ ምተረሳዕና : ንህላዌና ንምሕካኽ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዝስንዘሩ ዘለዉ ሽርሒታት : " ስነ/ኣእምሮኣዊ ኲናት : ዘይሕጋዊ ስግረዶብ ምርዃድ ነቲ ዓማጺ እገዳን ናጽነትና መንዚዖም መንነትና ንክሓኩን ምዃኑ ነቒሕናሉስ ጸኒዕና ንምክቶ ምህላውና ምስክሩ እዩ : እቲ ሓድሽ ተርእዮ ኮይኑ ዝረኣየና ዋሕዚ ስደት መንእሰያትና : ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣቕዲሙ ንበዓል ኩባን ካልኦት ላቲን ኣሜርካን ንምብርካኽ ዘካየዶ ፍሹል ሽርሒ ኮይኑ : ብዓል ኩባን ክጸንታ ዘይኮና ጸኒዐን ስለዝመከትኦ ኣብ ብዚሒ ህዝበን ክስስናን ኣብ ኩሉ መዳያት ሃገረን ከምዕብላን ምርኣይና ሓደ ጭቡጥ ኣብነት እዩ : ቅድሚ 100 ዓመታት ኣቢሉ'ውን ካብ ሃገራት ኣውሮጳ ብዓል ኖርወይ ዓዲ-እንግሊዝን ዝርከብኣን ቍጠባዊ ብድሆታት ኣጋጢሙውን ብብዚሒ መንእሰያተን ንስደት ፈሊሶም እዮም ግን ኣይጸነቱን : እኳ ሎሚ እተን ዝሃበተማን ዝማዕበላን ካብ ዓለምና ኮይነን ንረኽበን : ስለዚ ናይ መንእሰያትና ስደት ከምቲ ጸላእትና ዝሓልምዎ ናይ ፖለቲካኦም ዕዳጋ ንምስሳይ ዘይኮነ : ብሰንኪ ሽርሒታት ተጻባእትና ዝሰዓበ ቍጠባዊ ብድሆ ኮይኑ : ንጸገማት ስድራቤቶም ንምሕጋዝ እቲ ጠንቂ ምስዓዶም ምዃኑ ተገንዚብና : ኣጀኹም ክንብሎምን ሞራላውን ኤርትራዊ ደግፍ ክንገብረሎምን ኣለና ከብል ለበዉ*



ድሕሪ ምልጋሱ ፡ ኤርትራ ሃገርና ብሳላ ቃልስናን መኸተናን ንዘልኣለም ተኸቢራ ክትነብር ምዃናን ፡ " እቲ ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል ጥራይ ዕርፊ የጽንዕ ቅልጽምና " ክብል መደረኡ ዛዚሙ ፡

ብድሕሪኡ ኣብ መደረኸ ናይ ህዝቢ ዝቐረቡ ፡ መሳጢ ግጥምን ; ካብ ዝቐረቡ ራይቶታት ሰሚናር ቀጻሊ ክኸውን ፡ ካልኦት ሃነጽቲ ሓበሬታን ለበዋታትን ድሕሪ ምቕራብ ፡ በዞም ዝስዕቡ ናይ ሓባር ውሳኔታት ሰሚናር ብዓወት ተዛዚሙ ፡

<u>ሓባራዊ ውሳኔታት ኣብ ህዝባዊ መኸተ ከተማታት ንሩንበርግ ሙንሸን እሉመን:</u>

ሎሚ ዕለት 15.11.2014 ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጥቀሳ ከተማታትን ካብ ካልኦት ርሑቕን ቀረባን ንምሕያል ህዝባዊ መኸተ ዝተጋባእና ዜጋታት ፡ ንህሉ ኲነታት ሃገርና ኣመልኪትና ዓሙቕን ሰፊሕን መሃርን ንናይ መጻኢ ኣንፈት ጉዕዞና ዘማእዝንን ዘሐይልን ኣብዘዘተናሉ ፡ ሓባርዊ ህዝባዊ ውሳኔታትና እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል ፡

1. መንግስትን ህዝብን ኢድን ጓንትን ኮይኑ ፡ ብዓቕልን ጽንዓትን ፡ ቁጥባዊ ሓርነት ኣዓዊቱ ንሰላምን ራህዋን ንምርግጋጽን ዝኸፍሎ ዘሎ ንህንጸት ሃገር መስዋእቲ እናኣምጎስና ከም ወትሩ ኣብጐድኑ ምህላውናን ካባና ዝሕተት ኩሉ ከምነማልእ ደጊምና ነረጋግጽ ፡

2. ንራህዋን ምዕባለን ከይንምክት ፡ ኣፍና ንምዕባስን ኣእዳውና ንምቕያድን ፡ ብስም ባይቶ ጽጥታ ኣሳቢብካ ዝሓልፉ ዘለዉ ዝተፈብረኹ እገዳታት መርኣያ ሰንሰለት ዓመጽን ተጻብኦታት ሰልዝኾኑ ኣጥቢቕና ንኹንን ፡

3. ካብ ሓንቲ ጥምርትን ናጻን ሃገረ ኤርትራ ዝብርኸ ብጹእ ዕላማ ስለዘየሎ ፡ እቶም ኣብ ትሕቲ ሃገራውነት ጥሒሎም መጋበርያ ጸላእን መሕብኢ ኣርዮሳዊ ተግባራት ዝኾኑ ዘለዉ ልባዊ ምኽሪ እናለገስና ፡ ኣብ ማእከል ህዝቦም ማሚቖም ሃገራዊ ፍቕሪ ክሰንቁ ምሕጽንታና ነቕርብ ፡

" መኸተ ድርዕና ስራሕ ክብርና "

ንምክት ንዕወት !

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማእታትና ፡

ዓወት ንሕፋሽ !

ኣ/ሽ/መኸተ ከተማታት ንሩንበርገ ፡ ሙንሸን ኡሉም
ምስ ምትሕብባር ኣ/ፈ/ሽ/መኸተ ደቡብ ፡